ደብዳቤ ቀ.1

ክቡር ፕረዚደንት

ብመጀመርታ ሙሉእ ጥዕና እምነየልካ፡፡

ድሕሪ ነዊሕ ምውራድን ምድያብን ናይ ሓሳባት ኣብ መውዳእታ ክነግረካ ከምዘሎኒ ዝኣመንኩሉ ከካፍለካ መዲበ እነሆ ክብሎ ናይ ዝደሊ ሓሳብ ኣቕርበልካ፡፡

እዞም ነጥብታት እዚኦም ከቕርብ ከለኹ ኣብ ልዕሌኻ ዘሎኒ ኣኽብሮት ኣብ ቦትኡ እናሃለወ ኢዩ፡፡ ካባይ ጀሚርካ ኩሉ ኣብ ዝለዓለ ቦታ ናይ ሓላፍነት ዘሎ ዝዛረበሎምን ዝሓምየሎምን ብምኧኣኖምን እናብኣሰ ይኸይድ ብምህላውን ነዚ ክቡር ህዝብናን ሃገርናን ድሕሪዚ ኩሉ መስዋእትን በደልን አደራዕን ናይ ፀላእቱ ብሰላምን ብስኒትን ክነብር፣ ሕማቕ ናይ መራሕቱ ከይሰምዕ መፍቶ ፀላእቲ ከይንኸውን ምእንቲ ንኹሉ ብዕቱብ ርኢኻ ፍታሕ ከምትገብረሉ እምነተይ ኢዩ፡፡ ድሕነት ሃገርና ብኹሉ መዳያቱ ክሕሎ ስለዘለዎ፡፡ እንታይ ኢዮም እቶም ኣርእስታት ካብዚ ቀፂለ ብዝተፀሞቐ መልክዕ ከቕርቦ ክፍትን ኢየ፡፡ ምናልባት ገለ ሰባት ካብዚ ንላዕሊ እውን ይዛረቡ ይኾኑ እቶም መብዛሕትና ንሓምየሎም ኮይኖም ዝተሰምዑኒ ግን በዞም ዝስዕቡ ዝጠቓለሉ ኮይኖም ይረኣይኑ፡፡

1. ብፃይ ኢሳያስ ጠባይ ቀይሩ ከም ቀደሙ ኣይኮነን

   - ንቐረባ መሳርሕቱ ምምኻር ገዲፍዎ
   - ብዘይክኡ ካልእ ነዚ ሃገር ዝሰርሓሉ ዘሎ ኣይመስሎን
   - በይናዊ ውሳኔ ምውሳድ ኣማዕቢሉ
   - ናይ ካቢነ ኣኼባ ንማለቱ እዩ- - - ወዘተ

2. ትካላዊ ኣሰራርሓ የለን

   - ንማለቱ ኢዩ ዝምደረሉ እምበር ብመንግስቲ ተቐባልነት የብሉን
   - ትካላት ብመደበን ኣይሰርሓን ምትእትታው ይበዝሖን
   - ምድራትን እንታይ ገደሰንን ተሓታትነት ዘይምውሳድን ኣጋዲዱ

3. ዘይንፁርነት ፖሊሲ

   - ኣብ ዝተፈላለዩ ሜዳታት ነተኣታትዎ ፖሊሲ ቀዋምነት ይስእን

- ከም ሳዕቤን ፈተውትናን ተሓባበርትናን የርሕቐ
- ንኣውፈርቲ ርእሰማል ኣይተባብዕን
- ኣብ ዝምድናታት ስራሕ ዘይንፁርነትን ምድርራብን የኸትል

4. ቅዋማዊ ኣሰራርሓ ዘይምህላው

- ሃገራዊ ድሕነትን ሰብኣዊ ክብርን ብሕጋውን ቅዋማውን መገዲ ዘይምሓዝ
- ስሩዕ ሕጊ ዝገዝኦ ኣሰራርሐ ዘይምህላው

እዚኦም እቶም ቀንዲ ኮይኖም ዝተሰምዑኒ በዚ ንኸዶ ዘሎና እንተኼድና ሕማቕ ሳዕቤን ከኸትል ስለዝኾነን ብሕሜታ ስለዘይፍታሕን ተራኺብና ክንፍውሶን ድሕነት ሃገርና ክንሕሉን ዘለና ኮይኑ ይስመዓኒ፡፡

ብወገነይ ዘሎኒ ርእይቶ፡-

ሀ/ ሽሕ'ኳ ኣብ ካቢነ ወሪዱ ክዝረበሉ ሕጋውን ኩሉ ኣባል ካቢነ በብመገዱ መምስ ዘቕርቦ ዝሓምየሉን እንተኾነ ብወገነይ ብዙሕ ኢዩ ዘስክፈኒ፡፡ ክሳብ ክንደይ ንምእራምን ንቕኑዕ ኣተሓሕዛን ዝደሊ ይሀሉ ብኑፁር ስለዝፍለጥን እንተተወዓዊዑ ንረብሓ ሃገር ስለ ዘይጠቅምን፡፡

ለ/ ከም ካልኣይ ኣመራፅን ዝሓሸን ኮይኑ ዝተሰመዓኒ ግዱሳት ዝበሃሉ ብፍላይ ገለ ካብቶም ናይ ቀደም ኣባላት ፖለቲካ ቤት ፅሕፈት ዝነበሩ ተራኺብና እንተንዝትየሉ ኢየ ዝብል፡፡

እዚ ሕቶታት እዚ በገባብ እንተዘይተፈቲሑ ሳዕቤኑ ሕማኸ ክኸውን ስለዝኽእል ዝኸበርካ ብፃይ ኢሳያስ ርእይቶይ ከየዕበርካ ዝስመዓና ዘሎ ክትሰምዕን ፍታሕ ጌርና ከም ቀደምና ብስኒት ክንቅፅልን ህዝብና ብሕጋውን ስሩዕን መገዲ መሪሕና ናብ ዝሓሸ ዕብየት ክድይብ ክሳብ ዘሎናን ንትካእን ክንፅዕር ምእንቲ ይሓይሽ ዝበልካዮ ኣገባብ ርኢኻ ፍታሕ ክትገብረሉ እፅበ፡፡

እዚ ሕቶ'ዚ ከቕርብ ከለኹ ኣብ ሕማቕ ግዜ ምህላውና እናተረደኣኒ ኢየ እዋን እንተበሊዑ ግን ኣሉታዊ ሳዕቤኑ ክዓዝዝን ዝኸፍአ ሕማቕ ነገር ክስዕበልናን ኮይኑ ይረኣየኒ ስለ ዘሎ ኢዩ፡፡

ኣብዚ መበል 50 ዓመተይ ዝኣተወሉ ዘለኹ ሰሙናትን ብድሕሪኡን ሕሜታ ክሰምዕን ክሰምዕን ስለ ዘይደሊ ምቕራቡ መሪፀ፡፡

ዓወት ንሓፋሽ

ብጻይካ ዑቕበ ኣብርሃ

ደብዳቤ ቁ.2

ብ/ዑቕበ

ብዕለት 27/11/99 ዝጻሕፍካለይ ውልቃዊት መልእኽቲ ርእየ፡፡ ምስ ኣንበብኩዋ ሰገጥ ኣቢላትኒ፡፡ ህውኽ ኢለ መልሲ ከይህበላ ከኣ ነብሰይ ክምርምር ይሓይሽ ብምባል ነቶም ዘልዓልካዮም ጉዳያትን ትካል- ብትካልን ሰብ ብሰብን ኣድቒቐ ምምርማር ይሕሸኒ ኢለ ግዜ ወሲደ፡፡ ኣብ መወዳእታ ከኣ ኩሉ ነገር አስደሚሙኒ ኣይተቐበልኩዎን፡፡

1. ጠባይ ቀይሩ ዝበለ መን'ዩ? ካብ መዓስ'ዩ ምቕያር ጠባይ መጺኡ? “ዘይምምኻር” ኣብ እንታይን ምስ መንን መዓስን? “ብዘይክኡ ዘሎ አይመስሎን” ዝብል ዘለፋ ዋላ ስምዒታዊ እንተኾነ ብኸመይ ብጭብጢ ክግለጽ ይኽኣል? ናይዚ ኩሉ በሃልቲ መነመን'ዮም?

2. “ትካላዊ ኣሰራርሓ የለን” ኣበየናይ ትካል ወይ ትካላት? ብኸመይ “ትካላት ምትእትታው ኣይበዝሐን” ኣየኖት ትካላት? መኣስን ብኸመይን? ምድራትን እንታይ ገደሰንን ዝበለ መን? ስለምንታይ?

3. “ዘይንጹርነት ፖሊሲ” ወይ “ዘይቀዋምነት ፖሊሲታት” ኣበየኖት ፖሊስታት? ብኸመይ? ምርሓኘ “ፈተውትናን ተሓባበርትናን” ኣየኖት ፈተውትናን ተሓባበርትናን? መንን ብኸመይን ኣርሒቕዎም? “ዘይምትብባዕ ኣውፈርቲ” መነመን? መን ኣየተባበየምን? ብኸመይ? “ዘይንጹርነትን ምድርራብን ኣብ ስራሕ” ኣበየናይ ስራሕ? ብኸመይ?

4. “ቅዋማዊ ኣሰራርሓ ዘይምህላው” ኣየናይ ቅዋማዊ ኣሰራርሓ ተጋሂሰ? መዓስን ብኸመይን? “ሃገራዊ ድሕነትን ሰብኣዊ ክብርን ብሕጋውን ቅዋማውን መገዲ ዘይምሓዝ” ዓቢ ገበን ስለዝኾነ ሃገራዊ ድሕነት ብኸመይን መዓስን እዩ ተነዲኡ?

> ሰብኣዊ ክብሩ ዝተጋህሰ መንን? ብኸመይን? እዚኣቶም እቶም ብዝወሓደ ኣብ ኣእምሮይ ዝተላዕሉ ሕቶታት እዮም፡፡ ሓመይቲ መነ መን እዮም ኢለ ክግምት እውን ኣሸጊሩኒ ሕሜታ ዘይሰኣን'ኳ እንተኾነ፡፡ "ሕማኽ ሳዕቤን" ናይ'ዚ ገና ክምለሽ ዘለዎ ጉዳያት ወይ ሕቶታት ብሩህ ኣብ ርእሲ ዘይምኻኑ ካብ መልሲ መመልሱ ሕቶታት ዘልዕል እዩ፡፡

ዝሰማዕካዮን ዝተዓዘብካዮን ምቕራብካ አመስግነካ፡፡ ከኖ'ቲ ኣቕሪበዮ ዘለኹ ውሑድ ሕቶታት ኣዕሚቑ ከመራመር ሓጊዙኒ፡፡ ኮፍ ኢለ ክዛረበሉ ከኣ ሕጉስ ኢየ፡፡ ቅድሚ ምብጋሰይ ክሳብ ንራኸብ ኣሰላሲልካዮ ንኸትጸንሕ ዘቕርቦ ዘለኹ ኢዩ፡፡

ዓወት ንሓፋሽ !

ብጻይካ ኢሳያስ

09/12/99

ደብዳቤ ቁ.3

ዕለት 11/12/99

ብጻይ ኢሳያስ

ምስ ምሉእ ጥዕና ብሰላም ክትምለሰና እትምነ፡፡

ብዕለት 09/12/99 ንናይ ዕለት 27/11/99 ውልቃዊ ደብዳበይ ዝጻሓፍካለይ መልሲ በጺሑኒ ከምቲ ድልየተይ ቀልጢፍካ መልሲ ብምሃብ ሕጉስ ኢየ፡፡

ከምቲ ዝጠቐስካዮ ብወገንካ ኣይትቕበሎን ትኸውን ምኽንያቱ ኣብ ቅድመኻን ኣብ ኣኼባን ብዛዕባ' ዚ ኣርእስቲ ዝተዛረበካ ስለዘይህሉ፡፡

- ገለ ሰብ ብዙሕ ዝዛረብ
- ገለ ምጡን
- ገለ'ውን ሰማዒ ይኹን እምበር ብወገነይ ዝይሓሚ ኣሎ ኢለ ኣይኣምንን (ሰሚዕካ ስቕ ምባል'ውን ካብ ምሕማይ ስለዘየድሕን)

እዚ ክብል ከለኹ ምስኩሉ ተዛሪበ ኣረጋጊጸ ማለተይ ኣይኮነን፡፡ ዝወናጨፍ ዘረባታት ስለዘሎ እቲ ህሉው ሓቂ ንሱ ኮይኑ ኢዩ ዝረኣየኒ /ሰብ ይሓሚ ኣሎ፡፡/

ከምቲ ዘርዚርካዮ ዘሎኻ ሕቶታት እከለ እዚ ኢሉ እከለ ከኣ እዚ ኢሉ ክብለካ ኣይክእልን ምኽንያቱ ከምቲ ዝገልጽኩልካ ኩላትና ንሓምየሉ ኢና ኢለ ስለዝኣምን ናይ ሰባት ዝርዝር ክህበካ ኣይትጸበየኒ፡፡

ነጥብታት ዘርዚረ ከቕርብ ከለኹ እቲ ዓበይቲ ዝብሎ ኮይኑ ዝተሰመዓኒ ብዝርዝር ክትርእዮን ክትሓስበሉን ብማለት ኢዩ፡፡ ናይ ጎረሓት ኣቀራርባ ኣይሓሰብኩን ብሓንቲ ሓረግ ኣጠቓሊለ ምጻፀኹ ዋላ ሕቶታት ዝስሕብ' ውን እንተኾነ ከምቲ ዝዘርዘርኩዎ ነጥብታት ዝስሕቦ ሕቶታት ኣይምኾነን፡፡

ብወገነይ ሕማቕ ሳዕቤን ከኸትል ይኽእል ኢዩ ክብል ከለኹ ናይ ብሓቂ ከምኡ ኮይኑ ስለዝተራእየኒ ኢየ፡፡ ምኽንያቱ እዚ ዘረባታት' ዚ ብቕኑዕ ኣገባብ ደው እንተዘይሉ ከምኡ እናበለ ናብ ታሕቲ ክወርድን ንሓድነትናን ሓድነት ህዝብን ዝሃስን ኮይኑ ስለዝረኣየነን ኢዩ ናይ ውልቀይ ትንታነ ኢዩ፡፡

ንሕና ብፍላይ ኣብቲ ላዕለዋይ ጽፍሒ ዘሎና ከም ውሳነ ሃገር ንወስድ መጠን ብሓደ ክንሓስብ ኣወንታውን ኣሉታውን ውጽኢት ስራሕና ናይ ሓባር ሓላፍነት ክንወስደሉ'ምበር ክንተሓማመየሉ ዘሎና ኮይኑ ኣይረኣየንን፡፡ ብፍላይ እኳ ደኣ ኣብዚ ሕጂ ዘለናዮ እዋን ውግእን ሽግርን ዝያዳ ሓድነት ናይ ኣተሓሳስባ ዘድልየና ኮይኑ ስለዝተራእየኒ ኢየ ንምእላዩ ግዜ ክወስድ የብሉን ዝብል እምነት ዘሎኒ፡፡

ነፈታትሕኡ ዝምልከት ከምእንደገና ሓሲበሉ ከምቲ ዝበልኩኻ ብገለ ሰባትዶ ምሓሽ ኢለ ነይረ ከምዚ ጌርና ከምዚ ፈጢርና ካብ ምባል ውሕስነት ዝህብ ዘይብሉ ኮይኑ ስለዝተራኣየኒ ኣብ ሓንቲ ኣኼባ ናይ ካቢነ ከም ኣጀንዳ "ነሰራርሓና ብዝምልከት ክመሓየሽን ክእረምን ዝድለ እንተልዩ ርእይቶ ክንህብ እንተዝቐርብ" ሽዑ ዝዝረብን ዝቐርብ ሓሳብንዶ ምርኣይ ምሓሸ ዝብል ሓሳብ'ውን እመጻኒ፡፡ ብዝኾነ ዝሓይሽ ዝበልካዮ ኣገባብ ርኢኻ ምውድኡ ጽቡቕ ኢዩ፡፡

ዓወት ንሓፋሽ !

ብጻይካ ዑቕበ

ደብዳቤ ቁ.4

ብጻይ ዑቕበ

ሰላምታ ምስ ሰናይ ትምኒት፡፡

ብ11/12/99 ዝጸሓፍካያ መልእኽቲ በጺሓትኒ፡፡

ብዛዕባ'ቲ ብሕሜታ ዝዝረበሉ ዝበልካዮ ጉዳያት ካብ ምስድማም ሓሊፈ ዝኾነ ካልእ መግለጺ ክረኽበሉ ኣይከኣልኩን፡፡ ኣብ ናይ ዕለት 09/12/99 ዘልዓልኩዎ ሕቶታት'ውን ገና ተመራሚረ መልሲ ክረኽበሎም ኣይክኽእልን ኢየ፡፡ መን ክብሎም ከምዝኽእል'ውን ሃሰስ ክብልን ክግምትን ኣይደለኹን፡፡ እቶም ዝሓምዩ ውሑዳት ክኾኑ ይኽእሉ? ምርቁሖም'ውን ኣሸጋሪ ከይከውን ይኽእል፡፡ "መንን? ስለምንታይን?" ኢለ ናብ ዘይደልዮ መደምደምታ ክበጽሕ ወይ ንግዚኡ ምስ ካልእ ጉዳያት ከተኣሳስሮ ኣይመረጽኩን፡፡

ንዓይ'ውን ክሕግዘኒ ምእንቲ እቲ ጉዳያት ብጭብጥታት ክፈልጦ፣ ነቶም በሃልቲ'ውን ክፈልጦም ግቡእ ኢዩ፡፡ ብጽሑፍ ዝቐረበ "ከቢድ" ጉዳያት ስለዝኾነ ከኣ ኣዕሚምካ ምሕላፍ ዘይቅኑዕ ንምእራም እውን ሓጋዚ ኣይኮነን፡፡

መን ከምዝበለን? እንታይ ከምዝበለን? እቶም ጉዳያት ብጭብጢታት እንታይ ከምዝኾኑን? ከይፈልጥኩ ከኣ "እንታይ ትሓምዩ ኣኹም" ብምባል ኣብ መትሓዚ ዘይብሉ ጉዳይ ኣኼባ ምዕዳም ንግዚኡ ጠቓምነቱን ኣድላይነቱን ስለዘይረኣየኒ ኣኼባ ክጽውዕ ኣይኮንኩን፡፡ ኣብ ወረቐት ምምልላስ ክኣቱ'ውን ቁሩብ ኣይኮንኩን፡፡ ሓድነት ህዝቢ ዝሃሲ ዝገበርኩዎ ኢባሳ እንተልዩ ከኣ ሓላፍነቱ ተሰካሚ ኢየ፡፡

ዓወት ንሓፋሽ !

24/12/99

ደብዳቤ ቁ.5

ብ/ዑቕበ

ሰላምታ

ኣብዚ ቀረባ እዋን ኩነታትካ ጽቡቕ ከምዘየለ ተገንዚበ፡፡ ትዕዝብተይ ግን ናይዚ ቀረባ እዋናት ጥራይ ከምዘይኮነ ይርደኣኒ ኢዩ፡፡ ንነዊሕ እዋናት ከይቀንሰንካ ኢኻ ጸኒሕኻ፡፡ ምስ ቀይሕ ባሕሪ ዝተኣሳሰረ ጉዳይ ገንዘብ ከምዘሎ ትፈልጥ ትኸውን፡፡ እና'ውን ብዙሕ ነገር እናፈለጥኩ እቲ ጉዳይ ብኸመይ ከምዝተሓዝ ከይተሃወኽኩ ክሓስበሉ ብምባል ዓቕሊ ገይረ ኢየ ፀኒሐ፡፡ ፍትሕን ርትዕን በቲ ሓደ ወገን ምኽሪ ሰባት ከኣ በቲ ካልእ ኣብ ግምት ኣእትየ፡፡ ባዕልኻ ነቲ ጉዳይ ከተልዕሎ'ውን ትጽቢት ነይሩኒ ይኸውን፡፡ ኣብ መወዳእታ ግን ሓደ ምርጫ ክወስድ ግቡእ ኮይኑ ተራእዩኒ፡፡

ስለዚ ክሳብ'ቲ ጉዳይ መዕለቢ ዝገብረሉ፡፡ ካብ ኩሉ ሓላፍነትን ማዕርግን ተላቒቕካ ከምዘሎኻ ክፍልጠካ እፈቱ፡፡

ዓወት ንሓፋሽ !

ብፃይካ ኢሳያስ

08/02/2000

ቅዳሕ፡- ንብ/ስብሓት ኤፍረም

ደብዳቤ ቁ.6

ብፃይ ኢሳያስ

ሰላምታ

ብዕለት 07/02/2000 ዝጻሓፍካለይ ደብዳቤ በጺሑኒ፡፡ ብወገነይ ናይ ቀረባ ይኹን ዝጸንሐ ዘይቅሳነት የብለይን፡፡ ደብዳቤ ስለዝጻሓፍኩን ኣብ ባይቶ ስለዝተዛረብኩን እንተኾይኑ ካብ ጽቡቕ ናይ ምእራም ድሌት እምበር ከምቲ ዝተርጎምካዮ ስለዘይቀሰንኩ ኣይነበረን፡፡

ብዛዕባ ምስ ቀይሕ ባሕሪ ዝተኣሳሰር ገንዘብ ትፈልጥ ትኸውን ዝበልካዮ ብወገነይ ዝሻቐለሉ ጉዳይ የብለይን ቅድሚ ሕጂ'ውን ተሓቲተ ዝመለስኩሉ ኢየ፡፡ አለካ ትብሎ ክሲ እንተልዩ ከኣ ካብ ሓቅን ሕግን ስለዘይክወል ምስ ቀረበለይ መልሲ ክህበሉ ድሉው ኢየ፡፡

ስለቲ ካብ ኩሉ ሓላፍነትን መዓረግን ምልቓቐይ ዝወሰድካዮ ምርጫ ናትካ ስልጣን ስለዝኾነ ዝብሎ የብለይን የቐኒየለይ፡፡

ዓወት ንሓፋሽ !
ብጻይካ ዑቕበ አብርሃ
08/02/2000
ቅዳሕ፡- ንብጻይ ስብሓት ኤፍሬም